## “ትዕቢት ትወልዳ ንግብረ ኢኪት”

## ሕጂውን!!

## “ቅድስት ቤተክርስትያን ውልቃዊ ፖለቲካዊ ኣተሓሳስባኻን ጽልዋታትካን እተተግብረላ፣ ዓውደ ቤላ-ቤሎውን፣ ዓውደ ሻራን፣ ዓውደ ፖለቲካዊ ጎስጓሳትን ዘይኮነትሲ፣ ቃለ እግዚኣብሔር እትነግረላ፣ ፍቕርን ሲኒትን ከዓስላ እትምዕደላ፣ ብጾምን ብጸሎትን ምሕረት እትልምነላ፣ ዓውደ ምሕረት ኢያ”

ዝሓለፈ እዋን ኣብ መወዳእታ ናይ ካልኣይቲ ክፋል ጽሕፈተይ ከም ዝበልኩዎ፣ ሳልሰይቲ ክፋል ትስዕብ ኢለ ተፋንዮኩም ነይረ። ከም ቃለይ፣ እኹል ጊዜ ኣብ ዝረኸብኩሉ ንሳልሰይቲ ክፋል እናኣደለኹዋ እንከለኹ፣ ብብርዒ ስም መርሃዊ መሓረናዝጊ ተጻሒፋ ኣብ ኣሰና ዳት ካም ዝወጸት ጽሕፍቲ ኣንቢበያ። ንዘዳልዋ ዝነበርኩ ሳልሰይቲ ክፋል ንደሓር ኣወንዚፈ ንናይ መርሃዊ ሓሳባት ኣብ ክልተ ኣገደስትን ቀንዲ መሰረት መለለይኡ ዝኾና ሓሳባት ብምጥቕላል ክነግሮ ክፍትን ኢየ። ሳልሰይቲ ክፋል ግን ኣብ ዝመጽእ ጊዜ ከዳልዋ ምኳነይ ክሕብር እፈቱ።

“ሓባል በልያ ከይትቕድመኪ” ከም ዝባሃል ከተምስሎ ድኣ ደሊኻ እምበር፣ እቲ ዝበልካዮ ይሁዳ ኣስቆሮታዊስ ንዓኻ ኢዩ ዝግባእ። እቶም ካህናት ትብሎም ዘለኻ ካህናት ሆፍንን ፊንሃስን፣ ንመንገድኹም መንገዲ ጥፍኣት ዘይሰዓበ፣ ይሁዳ ዝብል ስም እንተ ኣውጻእኩም ስራሕኩም ኢኹም ዝፈጸምኩም። ከመይሲ ካብ ዘርኢ ክርዳድ ስርናይ ከተፍሪ ስለዘይካኣል። ይሁዳኮ ፈታው ጎይትኡ ተመሲሉ ኢዩ ንጎይትኡ ብምስዓም ኣሕሊፉ ሂብዎ። ንስኻን ሰዓብትኻን'ውን መናፈቕነትን ፖለቲካን ተዓጢቕኩም፣ ንሃገርና ኤርትራ ብስጋን ብነብስን ኣሕሊፍኩም ከትህብዋ ከምእትደልዩን፣ ዳግማይ ዕንወታ ከምትጽበዩን ኣብዚ ሰሙን'ዚ ጽሒፍካ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ኣሰና ዝዘርጋሕካዮ ኣንቢበዮ ኣለኹ። ነቶም ኩቡር ኣቦ ብጹእ ወቅዱስ 3ይ ፓትርያርክ እንጦንዮስ እውን እንተኾነ ፈተውቶም መሲልኩም፣ ተሞኺሊኹም፣ ምስ ኣሕዋቶምን መሳርሕቶምን ምስ ብጻጋ መንፈስ ቅዱስ መዘንኦም ዝኾኑ ኣባላት ጉባኤ ቅዱስ ሲኖዶስን፣ ምስ ቅዱስ መንበሮምን ንኽይሳነዩ ሓባቢልኩም ናብ'ዚ በጺሐሞ ዘለዉ ፈተነ ንኽበጽሑ ዝገበርኩም ንስኹም እንዲኹም። እንተ እዚ ዝስዕቦ ዘለኹ ጉባኤ ቅዱስ ሲኖዶስ ግን ኣብ መንበረ ማርቆስ ተወሊዱ፣ ዓብዩ ፣ስርዓቱን እምነቱን ብዝግባእ ዓቂቡ፣ ዝጉዓዝ ዘሎ መሰረታዊ እምነት ኢዩ። መርሃዊ ግን ወደ መዝሙር ናይቲ ኣብ ሑጻ ዝተሰረተ, ብመናፈቕነት ዝተነድቀ ሃይማኖት ጥራይ ዝይኮንካ ኣብ ፖለቲካ ዓለም ተጫማሊቕካ፣ ህዝቢ ኤርትራ ንሓድሑዱ ንኽባላዕ እትጉስጉስ ሰብ ኢኻ። ካብ ኣብ ሻንጣኻ ዘላ ጎን ከትበልዕ እትብህግ፣ ኣማዕዲኻ ንዝረኣኻያ ባኒ ከተኾምስዕ እትሃርፍ፤ ኣዴኻ ተሓሲምካ ሓትነኻ እትናፍቕ ሰብ ኢኻ።

መርሃዊ መሓረናዝጊ፣ ጊላ ኮንካ ንኽልተ ጎይቶት ክትግዛእ ኣይከኣልን ኢዩ። ኣብ ቀጽሪ ቤተመቅደስ ኣብ ዓውደ ምሕረት ኮንካ ኮበሮን ጸናጽልን ቤተክርስትያን ሒዝካ ማህሌት ከተስምዕ ትርእ፣ ኣብ ቀጽሪ ቤተክርስትያን ኣብ ደገ ሰላም ኮንካ ስብከተ ወጌል ከተስምዕ ትብህግ፣ መጋረጃ ቤት መቕደስ ከፊትካ ኣብ ውሽጢ ቤት መቅደስ ኣቲኻ ታቦት መድሃኔ-ዓለም እናዓጠንካ ወሃ ዘበለ ካህን ክትመስል ትደሊ፣ ኣብ ፖለቲካዊ ባሕረ ሓሳብ ሰጢምካ ንጀነራላትን, ኮለኔላትን, መኮንናት ኤርትራ እትውጅህ ቃኢድ ማዕረካ ትኸውን፣ ኣብ ባዓትታት ኣሰና ተሓቢእካ ቆርበት ተጸጊዕካ ኣንበሳ ዝወግእ ሓኔታይ ትቕየር፣ ውቃበ ነብስኻ ደስ ክብሎ ከሎ ኽኣ ተጣባቒ ደቂቀ እንጦንዮስ ኢና በሃልቲ ትኸውን።

በል ሓው መርሃዊ፤ ቅድስት ቤተክርስትያን ውልቃዊ ፖለቲካዊ ኣተሓሳስባኻን ጽልዋታትካን እተተግብረላ፣ ዓውደ ቤላ-ቤሎውን፣ ዓውደ ሻራን፣ ዓውደ ፖለቲካዊ ጎስጓሳትን ዘይኮነትሲ፣ ቃል እግዚኣብሔር እትነግረላ፣ ፍቕርን ሲኒትን ከዓስላ እትልምነላ፣ብጾምን ብጸሎትን ምሕረት እትልምነላ፣ ዓውደ ምሕረት ኢያ።

<u>ሕጂ ናብቲ ቀንዲ ነገረይ ክምለስ</u> !!

ኩሉ መርሃዊ ዝለፍለፍካዮ ትሕዝትኡ ጎሓፍ እኳ እንተኾነ ነዘን ኣብ ታሕቲ ዝዝርዝረን ክልተ ሓሳባት ግን ብቕድመ ተኸተል፣ ናብቶም ብሰንኪ ዝሕብሮም ምስኣን ንመንገዲ ጥፍኣት ጉዕዞ መርሃዊ መሓረናዝጊ ዘቃልዑ ጽሑፋት ቃለ ጉባኤ ቅዱስ ሲኖዶስ ኤርትራ እናሃለዉ ዘየንበቡ፣ ናብቶም ከንብብዎም ዝግባኦም ጽሑፋት ብሰንኪ ዘይምንባቦም፣ ናብ መንገዲ ጥፍኣት መንገዲ መርሃዊ ዘምርሑ ኣሕዋትን ኣሓትን ይኹነለይ። ከምኡውን ንምእመናን እታ መሰረታዊት ሃዋርያዊት ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስትያን ኤርትራ።

> “ተሓድሶ ትብል ቃል ኣይትፈልጣን ኢኻ ኢልካኒ፣ ንሕናውን ኣይንፈልጣን ኢልካ”
>
> “ነቶም ሊቃውንቲ ካህናት ኣቦታት ኣብ ትሕቲ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣመሪካን ካናዳን ተማእኪሎም፣ ካብ መንበረ ማርቆስ ዝተረከብናዮ ሓቀኛ እምነት ሒዝና ንጉዓዝ ንዘለና “ውጉዛትዮ”ም” ኢልካና ኢልካ።

እወ ክህነትኩም ዝሓዘት፣ ኣገልግሎትኩም ዘውገዘት ናይ ቅዱስ ፓትርያርክ ደብዳቤ ኣብ ታሕቲ ኣንበባ።

# ተሓድሶ/መናፍቅነት/

ተሓድሶ ትብል ቃል ንትርጉማ ዘይፈልጣ ኮይነ ዘይኮንኩስ፣ ንግብረ ሓሳባን እምነታን ግን፣ ግደ ሓቂ እወ ኣይፈልጣን ኢየ። ቅዱሳን ኣቦታተይ ኣየጽንሑለይን። ንዓኻውን ኣየጽንሑልካን። ጥብቆ ኮንካ ክትከይድ ግን መሪጻካ።
“ተሓድሶ” ግዳ ቃል ብቃላ ክትስምዓ፣ ካብ ጽቡቕ ባህጊ ዝተበገሰ፣ እሞ ንዝኣረገ እንተተሓደሰ ጸበቐ እምበር እንታይ ጎድአ ዝብል ዘረባ ክስዕብ ይኽእል። ምሕዳስ ክበሃል ከሎ ንምንታይ? ንዝኣረጉ ከም ከቦሮ, ጸናጽል, መቆምያ, ወይስ ካልኦት ንዋየ ቅዱሳት ቤተክርስትያን ብሓደስቲ ንዋያት ምትካእ። ጽቡቕ ዝሃበ እግዚኣብሄር ይሃቦ ክሕደሱ ኣለዎም። ዘዛርብውን ኣይኮነን። ወይሲ ከምቲ ካህን ነበር ገብረሚካኤል ዮሃንስ ኣብ ፓል-ቶክ ስመር ዝበሎ፣ ተሓድሶ እንታይ ማለትዩ ክትሕቡሩናዶ ትኽእሉ ኣቦይ ቀሺ ምስ በልዎ፣ በሽካዕላል እናተዛረበ፣ ኣነውን ንባዕለይ ኣይፈልጣኒየ ኢልዎም። ሳእኒ እግርና ኣውጺእና ናብ ውሽጢ ሒዝናዮ ስለዝኣተና፣ ዘመናዊ መሳርሒ ሙዚቃ ከም ብዓል ፒያኖ ጌርና ስለዝዘመርና ብማለት ሓማሚሱ ሓሊፍዋ። ከምኡ ግን ኣይኮነን እቲነገር። ከምዚ ዝስዕብ ኢዩ።

ጉባኤ ሊቃውንቲ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ በተክርስትያን ኤርትራ ኣብ 2001 ዓ. ም. ተኣኪቦም፣ ኣብ ትራቨሎ ኣስመራ ዝርከብ ቤተክርስትያን እንዳ መድሃኔዓለም፣ ብገለ ኣብቲ ቤተክርስትያን ዘገልግሉ ዝነበሩ ካህናትን መማህራን ሰብከት ወንጌልን፣ ኣብ መደብ ቤት ትምህርቲ ሰንበት ዝወሃብ ዝነበረ መናፍቃዊ ትምህርቲ ይወሃብ ከምዝነበረ ምስ ኣረጋገጹ፣ ዘሕለፎዎ ውሳኔ መሰረት ብምግባር እቶም ኣቦታተይ ኢልካ ትሕለቐሎም ዘለኻ ካህናት ነበር፣ መናፍቃን ከምዝኾኑ ኣስሚረሙሉ ኣለዉ። ነዚ ንምርግጋጽ ኣብ ዝመጽእ እዋን ንዘዳልዋ ሳልሰይቲ ክፋል ተወከስ።

ሕሉፍ ታሪኽ ቤተክርስትያንና ብምዝካር ቅዱሳን ኣቦታት ከምህሩና እንከለዉ፣ ነታ ትኽ ዝበለት እምነት ሒዞም፣ ንወዲ ሰብ ካብ ጹንቁርና ናብ ብልህና፣ ካብ ቀቢጸ ተስፋ ናብ ምሉእ ተስፋ፣ ካብ ጸልማት ናብ ብርሃን፣ ከውጽኡ ንርእሶም ብመከራን ሽግርን እናሓለፉ፣ ከም ጨው ሓቒቖም፣ ንዓለም ግን ጨው ኮይኖም ዘመቀሩ ብዙሓት ኢዮም።

በንጻሩ ክኣ ብክሕደት ሃይማኖትን ብኩፉእ ስነ ምግባርን ዝፍለጡ፣ ነቲ ዘይኣመነ ኣብ ዘለዎ ጸድፊ ንኽጸንዕ ዘተባብዑ፣ ነቲ ዝኣመነን ዝተጠመቀን ካብ ቅድስት ቤተክርስትያን ከም ዝኩብልል ብምግባር ናይ ክሕደት እምኒ ናብ ልቢ ደቂ ሰባት ብምድርባይ ዘስሓቱ፣ ከም ኣርዮስ፣ መቅደንዮስ፣ ንስጥሮስ ወ.ዘ.ተ።

በል ኣቶ መርሃዊ ነዘን ሰለስተ ንመናፍቅነትካ ዝውክላ ኣርእስቲ ዓምደ ጽሑፋት ዛጊት ኣይትፈልጠን ኢኻ ከይብለካ ብኣኻን ደቂ መዛምርትኻን ዝተዳለው ኢየን። ተሓድሶኣዊ/መናፍቃዊ/ እምነት ከምዘለካ፣ ብእኣን ንባብካ ምእንቲ ክትቅጽሎ ሃየ እኒሀዋልካ ኣንብበን።

1) ርሑቕ ከይከድና ኣብ ቀረባ እዋን፣ ኣብ ጥሪ 03/2010 ዓ.ም. ብስም ደቂቀ እንጦንዮስ ተመሃሮ ናይ ግብጺ ስነ መለኮት ኮለጅ ቅዱስ ኣትናቴዎስ፣ ክፍለ ሃገር ቴክሳስ ዝወጸ ተሓድሶኣዊ/መናፍቃዊ/ ጽሑፍ ብዛዕባ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ዘለኩም እምነትከ መናፍቕዶ ከጸዋዓካ ኣይክእልን። በልስከ፣ ሊቃውንቲ ኣቦታት እታ መሰረታዊት ሃዋርያዊት ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤትክርስትያን ኤርትራ፣ ኣበይን መዓስን ኢዮም ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ካብ ዘርኢ ኣዳም ዝተመሓላለፈ ውርሻ ኃጢኣት ኣለዋ ኢሎም ንምእመናን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ሚሂሮምን እምነት ኦርቶድክስ ተዋህዶ ኤርትራ ምዃኑ ነጊሮምን። ኩቡር ኣቦና ብጹእ ወቅዱስ ሳልሳይ ፓትርያርክ እንጦንዮስ ካብ ጊዜ ንእስነቶም ኣትሒዞም ክብርት ወንጽህት እምኩሉ ተኣብሶ እናበሉ ጸሎቶም ዘብጽሑላ ዝነበሩ ሎሚንካ ከሓድኩሞም። ስሞም ንዓላቕኡ እምነትኩም ከተራጉድሉ ምእንቲ ንስለ ኣቦና እንጦንዮስ ጠጦው ኢልና ኣለና ክትብሉ ትስምዑ። እምነተኩምን እትኽተልዎ ስርዓትን ግን ምስ ናይ ኣቦና እንጦንዮስ ኣዝዩ ዝተፈላለየ ኢዩ። ንስርዓተ እምነት ደቂቀ እንጦዮስ እተንጸባርቕ ጽሕፍቲ ብተማሃሮ ናይ ግብጺ ስነ መለኮት ኮለጅ ኣትናቴዎስ ዝተጻሕፈት ከም ዘላታ ኣብ ታሕተዋይ ሓረግ ከተንብብዋ ብትሕትና እምሕጸን።

2) “ኣብ ወርሒ ሕዳር 16/2009 ዓ.ም. “<u>ቅድስት ንጽሕት ድንግል ማርያምን፣ ኣዳማዊ ውርሻ ኃጢኣትን፣ ብናይ ኦሬንታልን ምብራቕን ኦርቶዶክሳውያን ዶግማ</u>” ብውጉዝ ካህን ነበር ገብረሚካኤል ዮሃንስ ዝተጻሕፈትን፣ ኣብ 2009 ዓ.ም. ዓመታዊ ክብረ በዓል ቅድስት ማርያም ኦክላንድ ካሊፎርንያ፣ ኣብ 2009 ዓ.ም. ብዲቪዲ ተቐሪጻ ናብ ምእመናን ተሸይጣ ዝተዘርግሐትከ መናፍቃዊ እምነት ዘለዎ ትምህርቲዶ ኣይኮነትን ነይራ።

3) ኣብ ወርሒ ሕዳር 06/2009 ዓ.ም. “ድንግል ማርያም ብኦርቶዶክሳዊ ኣረኣእያ” ብዝብል ኣርእስቲ ብድያቆን ዑቕበ ዘመደ ዝተጻሕፈት፣ መናፍቅ /ተሓድሶ/ ከምዝኾንካ መርሃዊ መሓረናዝጊ ፍለጥ።

## “ቅድስት ድንግል ማርያም ካብ ዘርኢ ኣዳም ዝተመሓላለፈ ውርሻ ኃጢኣት ኣለዋ”
**ይብሉ ደቂቀ እንጦንዮስ!!**

ኣብ 1850 ዓ.ም. ዝተኣታተወ “ቅድስት ድንግል ማርያም ካብ ዘርኢ ኣዳም ዝተመሓላለፈ ውርሻ ሓጢኣት የብላን” ዝብል ናይ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን እምነት፣ ኣብ መንጎ ኦርቶዶክስን፣ ሮማዊት ቤተክርስትያን ካቶሊክን ዝተፈጥረ ናይ እምነት ፍልልይ መዓልቦ ዘይተረኽበሉ ተንጠልጢሉ ዘሎ ጸገም ኢዩ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፣ ኣብዚ ቀረባ እዋን፣ ኣብ ከተማ ከንሳስ ሲቲ (Kansas City) ዝርከብ ናይ ኢትዮጵያውያን ቤተክርስትያን መድሃኔ-ዓለም ኣመንቲ ኢና ዝብሉ ሰባት ነዚ ጉዳይ’ዚ ብጉጉይ መንገዲ ዳግማይ ምስ ኣልዓልዎ ብዙሕ ምስሕሓብ ፈጢሩ። መዛግብቲ ናይቲ ቤተክርስትያን ከም ዘመልከትዎ ብዛዕባ እዚ ጉዳይ’ዚ ጸገም ምስ ኣጋጠመ፣ ሲኖዶስ ቤተክርስትያን ኢትዮጲያ ብተደጋጋሚ ተሓቲቱ መልሲ ስለዘይሃበሉ፣ እቲ ጥርዓን ናብ ኦርየንታል ኣብያተ ክርስትያናት ቀሪቡ። ኩነታት ከስዕቦ ዝኽእል ናይ እምነት ህጸት ብምግንዛብ፣ ሓዋርያዊት ቤተክርስትያን መንበረ ማርቆስ (ምስሪ) ህጹጽ መልሲ ክትህብ ተገዲዳ። ይብሉ ደቂቀ እንጦንዮስ

በዚ መሰረት፣ ኤርትራዊ ብጹእ ኣቡነ መቃርዮስ ዝሃብዎ፣ ሓዋርያዊ ውሳኔ ናይ ኦርየንታል ኣብያተ ክርስትያናት ብቪድዮ ተታሒዙ ቀሪቡ ኣሎ። ጳጳስ ዲብ ኩሉ ብጹእ ኣቡነ መቃርዮስ፣ ልኡኽ ቅዱስ ሲኖዶስ መንበረ ማርቆስ ምስሪ ኢዮም። ከምኡውን ሊቀጳጳስ ኤርትራዊ ቤተክርስትያን ተዋህዶ መንበረ ጵጵስና ሰሜን ኣመሪካ ኢዮም።

እዚ፣ ንሓቀኛ እምነት ቤተክርስትያን ተዋህዶ ዝጥምዝዝ፣ ንፍጹም ሰብነት ክርስቶስ ኣምላኽ ዝፈታተን ኢዩ።እቶም ብንፋስ እዞም ኣብ ኢትዮጵያ ዝንቀሳቐሱ ዝተለኸፉ ሰባት ኣብ ኦርቶዶክሳዊት ቤተክርስትያን ኤርትራውን ይቀላቐል ስለ ዘሎ፣ ምእመናን ብኣግኡ ክፈልጥዎ ምእንቲ ትሕዝቶ እቲ ዝተገብረ ጉባኤ ንሎሚ ከም ዘለዎ ብቪድዮ ነቅርቦ ኣለና። ኣብ ዝቕጽል ብትግርኛ ተርጒምና ከነቅርቦ ኢና። ይብሉ’ሞ ደቂቀ እንጦንዮስ፤ ካብኡ ትሕት ኢሎምከኣ ከምዚ ብምባል ጽሕፎም ይዓጽዉ።

“ኦርቶዶክስ ቤተክርስትያን ተዋህዶ “ቅድስት ድንግል ማርያም ካብ ዘርኢ ኣዳም ዝተመሓላለፈ ውርሻ ኃጢኣት ኣለዋ” ኢላ እያ ተኣኣምን። ኢየሱስ ክርስቶስ ጥራይ ኢዩ ካብ ኃጢኣት ንጹህ! ኢሎም ደቂቀ እንጦንዮስ።

ሓደ እዋን ኣብ ውሽጢ ቤተክርስትያን መድሃኔ-ዓለም ኣትላንታ፣ ነቶም ንእምነትን ስርዓትን ናይታ መሰረታዊት ሓዋርያዊት ቤተክርስትያን ተዋህዶ ኤርትራ ብምኽታል፣ ካብ ሓቀኛ እምነት ተዋህዶ ወጻኢ ንዝወሃብ ዝነበር ጉጉይ ትምህርቲ ስርዓት እምነት ዝተቓወሙ ደቂ ቤተክርስትያን፣ ብምእመናን ምእንቲ ከጽልኦምን፣ ኣብ ርእሲኦም ጥርጣሬ ከሕድሩ ምእንቲ ዝተባህለ ከምዝነበረ ሎም እናበርሀ ከይዱ። ከምኡውን ነቲ ቀስ ብቀስ መናፍቃዊ ጽልዋታቱ ንምትሕልላፍ ዝዓለመ ከምዝነበረ ኣዘኻኺርኒ።
ኣብቲ እዋንቲ ካህን ነበር ገብረሚካኤል ከምዚ ክብል ዘረብኡ ቀጸለ። እዞም ጻዕዳ ነጸላ ተኸዲኖም ኣብ ጸግዒ መንደቕ ተጸጊዖም እትርእይዎም፣ ንሶም፣ ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ተሓድሶ ዝስሙ እምነት፣ ናብ ሃገርና ከታኣታትዉ ዝፍትኑ ዘለዉ ሰባት ኢዮም ክብል ተዘኪርኒ። ኣብ ጥሪ 03/ 2010 ዓ.ም. ብተመሃሮ ስነ መለኮት ኮለጅ ቅዱስ ኣትናቴዎስ ናይ ምስሪ እውን ተደጊሙ። በዚ ምኽንያት ከኣየ ንመርሃዊ <u>ጥብቆ</u> ናይ ግዳም ቤተክርስትያናት ኴንካ ክትከይድ መሪጽካ ዝበልክዎ።

እዞም ደቂቀ እንጦንዮስ ዝተባህሉ ተማሃሮ ብናይ ግብጺ ናይ ስነ መለኮት ኮለጅ ቅዱስ ኣትናቴዎስ ዝተመረቑ፣
ነዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ መሰረተ እምነቶም ካብ ቤት ትምህርቶም ዘምጽእዎ እምነት ድኣምበር ካብታ መሰረታዊት ሓዋርያዊት ኦርቶዶክስ ተዋህ ቤተክርስትያን ኤርትራ ከምዘይወረስዎን፣ ከምኡ ዝብል ትምህርትን እምነትን በቶም ጓሶት ምእመናን ዝኾኑ ሊቃውቲ ቤተክርስትያን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ኤርትራ ከምዘይወሃብን ኣረጋግጸልኩም።

ኣብዚ ጉዳይዚ ከይጠቐስክዎ ክሓልፍ ዘይደሊ ነገር ግን ኣሎ። ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስትያን ኤርትራን፣ ደቂቀ እንጦዮስ ኢና በሃልትን ብመሰረተ እምነት ኢና ተፈላሊና። እቲ ጓል ዘረባ ዝዛረብሉ፣ ቅዱስ ፓትርያርክ እንጦንዮስ ብዘይ ሕጋዊ መንገዲ ካብ ፓትርያርክ መዓርጎም ስለ ዝወረዱ ነቲ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ኤርትራ ትኽተሎ ስርዓት ኢና ንቃወሞ ዝብልዎ ኩሉ መመላእታን መራጉድትን ኢዩ።
ከምኡውን እንተድኣ ናይ ግብጺ ቤተክርስትያን፣ ነዚ ደቂቀ እንጦንዮስ ኢና በሃልቲ፣ ንኣምን ዝበልዎ ዘለዉ፣ ዝኣምኑ ኮይኖም፣ ኣብ መንጎ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስትያንን፣ ኣብ መንጎ መንበረ ማርቆስ ናይ ግብጺ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስትያንን፣ ናይ እምነት ፍልልይ የብለንን ክንብልዶ ንኽእል ? እዚ ጉዳይዚ ከም ኣመንቲ ቤተክርስትያን ከነስተብህለሉን ኣብ ልብና ሒዝናዮ ክንጸንሕን ድኣለ እግረ መንገደይ ኣስፊረዮ እምበር፣ ንናይ ክልቲኡ ኣብያተ-ክርስትያናት ላዕለዋይ ኣካል ዝምልከት ጉዳይ ኢዩ።

## "ውግዘት"

ውግዘትን ንውግዘት ዝምልከትን ኣብ ዝሓለፈ እዋን ኣብ ካልኣይቲ ክፋል ጽሒፈ ዝዘርጋሕክዋ "ትዕቢት ትወልዳ ንግበረ ኢኪት" ቁርጡው ብዝበለ መልክዕ ንዓንቀጽ 107 ቁጽሪ "4" ቃለ ኣዋዲ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስትያን ኤርትራ መሰረት ብምግባር ጠቒሰዮ ከም ዝነበርኩ ዝዝከር ኢዩ። መርሃዊ መሓረናዝጊ ንዓንቀጽ 76 ፊደል 'ሀ" ኣልዒሉ ንመዓርገ ክህነት ዘስዕሩ በደላት ብብዝሒ ዘርዚሩ፣ ናብ ቃራና መንገዲ ክጎዓዝ ፈቲኑ። እወ እዚ ንዓንቀጽ 76 ፊደል 'ሀ' ኣልዒልካ ኣቓልቦ ኣንበብቲ ክትስሕብ ዝደለኻዮ ዓንቀጽውን ናይታ ቅድስት ቤተክርስትያንና ሕጊ ኢዩ። ካህን ቤተክርስትያን ኮይኑ፣ ነዚ ክትነግረኒ ኢልካ ዝዘርዘርካዮ ዝፍጽም እንተኾይኑ፣ ምስ ዓይኑ ከሎ ዝዐረ፣ ምስ እዝኑ ከሎ ዝጸመመ፣ ምስ ልቡ ከሎ ዝተደፍነ ባሃም እንተዘይኮይኑ ዝስዕቦ ምእመን ኣይክህሉን ኢዩ። ዘማእከሎ ላዕለዋይ ኣካል ቤተክርስትያን'ውን ኣይክህሉን ኢዩ። መርሃዊ ስለ ዝበልካ፣ ነቲ ምሩጽ ዘርኢ ዘሪአ ሕርስ ዝወዓልክዎ'ሞ ሙሩጽ ፍረ ዝሓፈስኩሉ፣ እንደገና ክሓርሶ ዘይኮንኩስ፣ ነቲ ኣብቲ እዋንቲ ብጉባኤ ቅዱስ ሲኖዶስ ኤርትራ ተወሲኑ፣ ናብ ነፍሲ ወከፍ ሃገረ ስብከታትን፣ ካህናትን፣ ማሕበረ ምእመናንን፣ ኣብያተ-ክርስትያናትን፣ ተጻሒፉ ዝተዘርግሐት ምሕባር ስለ ዝሓይሽ፣ ከም ዘላታ እታ ናይ ውግዘት ደብዳቤ ኣብ ታሕቲ ኣቕርበልኩም።

<u>ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስትያን ኤርትራ</u> ዕለት 08/ሓምለ/2006 ዓ.ም.

<u>ናብ ኩለን ሃገረ ስብከታት ኤርትራ</u>

መንፈሳዊ ሰላምታና ብምቕዳም!
ኣብ ሃገረ ስብከት ሑቡራት መንግስታት ኣመሪካን ካናዳን ዝርከቡ ካህናት ነበር፣

1) ቀሺ ከሰተ ገብረሚካኤል ቅድስት ስላሴ ቤተ ክርስትያን ሲያትል
2) ቀሺ ገብረሚካኤል ዮሃንስ መድሃኔ ዓለም ቤተ ክርስትያን ኣትላንታ
3) ቀሺ ወ/ትንሳኤ ብርሃነ መድሃኔ-ዓለም ቤተክርስትያን ዋሽንግቶን ዲሲ
4) ቀሺ ዲበኩሉ ላይነ መድሃኔ ዓለም ቤተክርስትያን ኦክላንድ
5) ቀሺ ኣርኣያ ተስፋይ ቅዱስ ገብርኤል ቤተ ክርስትያን ኒዮርክ
6) ኣባ ሰመረ ገብረእየሱስ ቅዱስ ገብርኤል ቤተክርስትያን ሚኖሶታ

መተሓሳሰቢ <u>ኣባ ሰመረ ንዝተገብረሎም ማዕዳ ተጠቂሞም ንጉባኤ ቅዱስ ሲኖዶስ ኤርትራ እቕሬታ ሓቲቶም ናብታ ቅድስት ቤተክርስትያኖም ተመሊሶም ይነብሩ ኣለዉ።</u>

ነቲ ብቅዱስ ሲኖዶስ ዝተመሓላለፈ ውሳኔ ኣይንቕበልን፣ ብቅዱስ ሲኖዶስ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስትያን ኣይንምእከልን ስለዝበሉ፣ ኣብ ዝኾነት ትኹን ኦርቶዶክሳዊት ተዋህዶ ቤተክርስትያን ብክህነት ኣገልግሎት ከይህቡን፣ካብ ቤተክርስትያን ኤርትራ ውጹኣት ምዃኖም ጠቒሱ፣ ቅዱስ ሲኖዶስ ኣብ ልዕሊኦም ውሳኔኡ ከምዘሕለፈ ነዘክር።

በዚ መሰረት ተጠቀስቲ ካህናት ውጉዛት ምዃኖም እናተፈልጠ ገለ ኣብ ወጻኢ ዝርከቡ ምእመናንን ምእመናትን ክሳብ ሕጂ ናቶም ሰዓብቲ ኮይኖም ይርከቡ። ኮይኑ ግን ኣብ ኤርትራ እና መጁ መንፈሳዊ ኣገልግሎት ማለት ከም መርዓ፣ ጥምቀት፣ ፍትሓት፣ወ.ዘ.ተ ይረኽቡ ምህላዎም ዝበጽሓና ሓበሬታ የረድእ።

ስለዚ ኣብ ትሕቲ እዞም ዝተወግዙ ሰባት ዝርከቡ ኩሎም ምእመናንን ምእመናትን ኣብ ኤርትራ መጺኦም ዝኾነ ይኹን መንፈሳዊ ኣገልግሎት ከይግበረሎም ኣብ ትሕቴኹም ንዝርከባ ኣብያተ ክርስትያናት ጥብቂ መምርሒ ክመሓላለፈለን ንሕብር።

ቅዳሕ!
ንሃገረ ስብከት ሑቡራት መንግስታት ኣመሪካን ካናዳን
ዋሽንግቶን ዲሲ።

ማሕተም ቤት ጽሕፈት መንበረ ፓትርያርክ ከምኡውን
ክታም ብጹእ ወቅዱስ ቀዳማዊ ዲዮስቆሮስ ሊቃነ ጳጳሳት ሃገረ ኤርትራ ኣለዎ።

እግዚኣብሔር ንሃገርናን ቤተክርስትያናን
ቅዱሳን ኣቦታትናን ክባርኽ ንለምን።

ዘካርያስ ሰመረ ወልዱ!!